ማኣኸል ቤት ህንፀት ዓድዋ ኣብ 2012ዓ/ም ዓመት ነቲ ማእኸል ኣገልግሎት ዝውዕል መሳርሒህንፃ፣ መሳርሒ ፅሕፈትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ስለዚ ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶን ክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መስከረም 27, 2012 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 12, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:ዓድዋ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 12, 2012 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ መረዳእታ ዘቅርቡ

2 ግብሪ መንግስቲ ከፋሊ ምኺኖም ዘረጋግፅን ግብሪ ኽፈልቲ ዝተውሃበ መለለይ ቁፅሪ (ቲን) መረዳእታ ዘቅርቡ

3 ብትልምን ፋይናንስን ዝተውሃበ ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

4 ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ (ቫት) ዝተመዝገቡ ምኺኖም መረዳእታ ዘቅርቡ፤

5 ናይ ወርሒ ነሓሰ 2011 ዓ/ም ወርሓዊ ሒሳብ ዘወራርደኩም መረዳእታ ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

6 ተጫረቲ ንኹሎም መረዳእታ ዘይምለስ ቅዳሕ ክትቅርቡ ትኽእሉ ኣለኩም፤

7 ተጫረቲ ኣብ ዘቅረብዎ ናይ መወዳደሪ ሰነድ ብዘይ ምንም ስርዝ ድልዝ ናይቲ ትካል ሽምን ክታምን ማህተምን ኣድራሻን ክተቅምጡ ይግባእ።

8 ጨረታ ካብ 27/01/2012 ዓ/ም ክሳብ 12/02/2012 ዓ/ም ኣብ ኣየር ዝፀንሕ ኾይኑ ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕሸገሉ ዕለት 12/02/2012ዓ/ም ሰዓት 4:00ድሕሪ ሰዓት ኾይኑ ጨረታ ዝኽፈተሉ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽሉ ኣብ ማእኸል ቤት ህንፀት ይኽፈት።

9 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ መኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ንህንፃ መሳርሒ 15000.00 (ዓሰርተሓሙሽተ ሽሕ ቅርሺ) ፣ ንመሳርሒ ፅሕፈት 3000.00 ቅርሺ ብጥረገንዘብ ወይድማ ብሲፒኦ ምቅራብ ይከኣል።

10 ዝሰዓረ ተጫራቲ 10% ውዕሊ መኽበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይበ ሲፒኦ ኣትሒዞም ከምኡውን ዝሰዓረ ተጫራታይ ልዕሊ 10000.00 (ዓሰርተሽሕ) ዝግመት ንብረት ኣታዊ እንተገይሮም 2% ዊዝ ሆልዲንግ ዝኽፍል ምኺኑ ክፈልጡ ኣለዎም።

11 ከምኡውን ዝሰዓረ ተወዳዳራይ እቶም ዝሰዓሮም ንብረት በቲ ዝወፀ ስፐስፊኬሽን ማለትውን ዝርዝር መዐቀኒ ረቋሕታት ብፅሬት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ማእኸል ቤት ህንፀት ዓድዋ ኣታዊ ከምዝገብር ክፈልጥ ኣለዎ።

12 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ ማእኸል ቤት ህንፀት ዓድዋ ደ/ከ/ስ/ምም/ርን/ንብረትን ቁፅሪ 06 እናመፃእኩም ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 እቲ ቤት /ፅ/ት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ0347-711668/0347-711227 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle